ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 9
ሰኔ 2020

# ጥዑይን ሕግታት ተኸብር እንተኾንካን ኣብ ቀረባ እዋን ክትገይሽ ትኽእል ኢኻ

**ካብ ዕለት 13 ሰነ ጀሚርካ ኣብ ውሽጢ ሽወደን ምጋሽ ፍቑድ'ዩ። ሓደጋ ናይ'ዚ ሕማም ግን ደዉ ኣይበለን። ሕግታት ከተኸብርን ጥዑይ ክትከዉን ናይ ግድን'ዩ።**

ኣብ እዋን ለበዳ ሕማም ኮሮና ሰባት ከም'ቲ ክገብርዎ ዝግብኦም ይገብሩ ኣለው። ስለ'ዚ ከኣ ናይ ሽወደን ኩነታት ዝሓሸ'ዩ። ካብ ዕለት 13 ሰነ ጀሚሩ ሰብ ኣብ ውሽጢ ሽወደን ክገይሽ ይኽእል። እዚ ለበዳ ግን ደዉ ኣይበለንን ሓደጋ ምስፍሕፋሕ ናይ'ዚ ለበዳ ክሳብ ሕጂ ኣሎን። ስለ'ዚ ኩሉ ሰብ ከም ቀደሙ ሓደ ዓይነት ሓላፍነት ክስከም ናይ ግድን'ዩ።

ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ናይ'ዚ ሕብረተ ሰብ ሕጋጋት ኣብ ምስዓብ ነናይ ገዛእ ርእሶም ሓላፍነት ኣለዎም። ሓደ ሰብ ምልክታት ሕማም ኮሮና እንተለዎ ክገይሽ የብሉን። ዋላ'ውን ቀለልቲ ምልክታት እንተሃለዎ።

ከምኡ'ውን ኩሎም ኣብ ናይ ካምፒን ቦታታት: ኣብ ባቡራትን ኣዉቶቡሳትን ቤት መግብታትን ሓላፍነት ዘለዎም ኣካላት ነዞም ተረርቲ ሕጋጋት ናይ ግድን ክስዕብዎም ኣለዎም። ስለዚ'ዩ ከኣ ኮሙናት እዞም ሕጋጋት ይኽበሩ ከም ዘለዉ ክከታተላ ከም ዘለወን መንግስቲ ዝወሰነ። ምምሕዳር ኣዉራጃ ከኣ ንኮሙናት ክሕግዘን'ዩ።

ብዛዕባ እዚ ቫይረስ ብዙሕ ንመሃር ኣለናን ዝያዳ ፍልጠት ክንረክብ ከለና ከኣ ሕጋጋት ይቕየሩን።

ሎሚ ኩሉ ንኮሮና ዝምልከት ሕጊ ክሰዓብ ከም ዘለዎ ንፈልጥ ኢና። ንኣብነት ኣብ ነንሕድሕድና ርሕቀትና ምሕላውን ኣብ ጭቕጭቕ ዘለዎ ቦታ ዘይምህላዉን። ካብኡ ርሒቕካ ኪድ ወይ ካልእ ቦታ ምረጽ።

እዚ ለበዳ ኣብ ክረምቲ እንተገዲዱ ሓዱሽ ሕጋጋት ክወጽእ ይኽእል'ዩ።

"ሰብ ክገይሽ ከሎ ብሓቂ ክሓስበሉ ክኽእል ኣለዎ":ይብል ቀዳማይ ምኒስተር ስቴቫን ሎፍቬን ኣብ ሓደ ጋዜጣዊ መግለጺ።

**ብዙሓት ክምርመሩ'ዮም**

ሎሚ ሰብ ክኣምኖ ዝኽእል መርመራታት ኣሎ። ሰብ እንተደኣ ሓሚሙ ወይ ሓሚሙ እንተደኣ ነይሩ ዘርኢ መርመራታት'ዩ። ስለ'ዚ ኸኣ ብዙሕ መርመራታት ክንገብር'ዩን ነዚ ለበዳ ክንከታተሎ ኢናን። ኣብ ኣውራጃና ኣብ ዞባ ካልማር'ዩ መርመራ ክግበር።

ብልክዕ ብከመይ ኣገባብ ከም ዝግበር ኣብ መላእ ሃገር ይፈላለ'ዩ። ሕጂ ዝፍለጥ ነገር ኩሎም ምልክታት ዘለዎም ብቀዳምነት ከም ዝምርመሩ'ዩ።( ብነጻ ኢዩ ከኣ ክኸውን)።መርመራታት ብኸመይ ከም ዝፍጸም መንግስትን ዞባታትን ኣብ ምልዛብ ይርከቡ። ኣብ ውሽጢ ከባቢ ሓደ ሰሙን ኣብ ስምምዕ ክበጽሑ'ዮም።

ብዙሓት ሰባት ክንምርምር ምስ ጀመርና ብዙሓት ዝተለኽፉ ክርከቡ'ዮም። እንተኾነ ግን እቲ መርመራ ጥራይ'ዩ ዝውስኽ ዘሎ።

Krissamverkan Kalmar län

ኣብ ህጹጽ ኩነታታት ሓቢሮም ዝሰርሑ ኣካላት ኣውራጃ ካልማር ፧እዚ ምትሕብባር ኣብ ሞንጎ ኩለን ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ ፧ምምሕዳር ኣውራጃ ክልማር ፧ዞባ ካልማር፧ኩሎም ኣብዚ ኣውራጃ ዘለዉ ሰበስልጣናትን።

Kalmar kommun

facebook.com/krissamverkan.kalmar